# ካብተን ኣርባዕተ ሕቶታት ኣምላኽ እንታይ ንመሃር

ሕቶ ምሕታት ኣብ ዕለታዊ ናብራና እነዘውትሮ ብምኳኑ ዘገርም ነገር ኣይኮነን። ሰብ፡ ንክልተ ነገር ሕቶታት ክሓትት ይክእል። ቀዳማይ፡ ንዘይፈልጦ ምእንቲ ክፈልጥ ክኸውን ከሎ፡ እቲ ካልኣይ ድማ፡ ነቲ ንሱ ዝፈልጦ፡ ካልኦት ክሳዕ ክንደይ ከም ዝፈልጥዎ ንምርግጋጽ። እግዚኣብሄር ግና፡ ዘይፈልጦ ነገር ኣልይዎ ካባና ገለ ነገር ክፈልጥ ደልዩ ኣይኮነን ዝሓትት። ምኽንያቱ እግዚኣብሄር ዘይፈልጦ ነገር ዋላ ሓንቲ እኳ የልቦን። “ንማያት ብኢዱ ዓሚኩ ዝሰፈረ፡ ንሰማያት ከኣ በጻብዑ ዝሰደረ መን እዩ• ንሓመድ ምድሪ ኣብ ሚዛን ዝኣከበ፡ ነክራን ብሚዛን፡ ንኹረቢት ድማ ብነጥሪ ዝመዘነ'ከ መን እዩ• ንመንፈስ እግዚኣብሄር ዝመርመረ፡ ወይስ መካሪኡ ኮይኑ ዘመሃሮ'ከ መን እዩ• ምስ መን ተማኸረ• ኣእምሮ ዝሃቦ፡ እቲ ቅኑዕ መገዲ ከኣ ዝመሃሮ፡ ፍልጠት ዘፍለጦ፡ መገዲ ምስትውዓል ድማ ዘርኣዮ'ከ መን እዩ• ... እምበኣርሲ ንኣምላክ ምስ መን ተመሳስልዎ• ምስ ኣየናይ መልክዕ'ከ ከተመዓራርዩዎ ኢኹም•” (ኢሳ 40፥12-18)። ሰብ ነቲ ዘይፈልጦ፡ ይኹን ነቲ ከም ዝግባእ ገይሩ ዘይፈልጦ ምእንቲ ክፈልጥ፡ ንእግዚኣብሄር ወይ ንኸምኡ ሰብ ክሓትት ከሎ፡ ኣምላክ ግና ነቲ ንሱ ዝፈልጦ፡ ሰባት ምእንቲ ክፈልጡዎ ይሓትት።

እተሓተትካዮ ሕቶ ንምምላስ ክልተ መሰረታውያን ነገራት የድልዩ። እቲ ቀዳማይ፡ ነቲ ሕቶ ብግቡእን ብምስትውዓልን ምስማዕ ክኸውን ከሎ፡ እቲ ካልኣይ ድማ ነቲ ሕቶ ብቑዕ መልሲ ንምሃብ ትብዓት ምርካብ እዩ። ሰኣን ብግቡእን ብምስትውዓልን ምስማዕ፡ ነቲ ሕቶ እናፈለጥካዮ ከሎኻ ካብ ምምላስ የትርፈካ እዩ። ከምቲ ሓደ ሓረስታይ እንጣጢዕ እናዘርአ ከሎ፡ ሰባት ከመይ ሓዲርካ ምስ በልዎ፡ “እንጣጢዕ እዘርእ ኣሎኹ” ዝበሎ እዩ ዝኸውን። ብምስትውዓል ብዘይምስማዑ እተጋገዮ ጌጋ እምበር፡ ግቡእ መልሲ ስለ ዘይነበሮ ኣይኮነን። ከምኡ'ውን ሕቶ ብግቡእ ሰሚዕካ ክነስካ፡ ብምኽንያት ትብዓት ምስኣንን ሕፍረትን ነቲ ሕቶ ዘይበቅዕን ሃተውተውን ዝኾነ መልሲ ክትምልስ ትክእል ኢኻ። ስለዚ ንእተሓተትካዮ ሕቶ ብምስትውዓል ንምስማዕን ንምምላስ ዘሎካ ትብዓትን ንዝተሓተትካዮ ሕቶ ብግቡእ ንምምላስ ወሰንቲ እዮም። እግዚኣብሄር ሰብ ክምልሶ ዝሓቶ ሕቶ ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ብሓፈሻ፡ ነቲ ሕድሪ እተሰከመ ድማ ብፍላይ ዝምልከት ብምኳኑ ብጥንቃቐን ብኣድህቦን መልሲ ክንህበሉ ግዴታ ኣሎና። ቀጺልና፡ ኣምላክ ኣብ



2.ት.መ.ቅ. = ካልኣይ ትርጉም መጽሓፍ ቅዱስ

እተፈልለየ ጊዜ፡ ንእተፈላለዩ ሰባት ዘቕረበን ኣርባዕተ ሕቶታት ሎሚ ንነፍሲ ወከፍና ዘመሓላልፉኦ መንፈሳዊ መልእኽቲ ክንርኢ ኢና።

## 1. <u>ሕቶ፡ ኣበይ ኣሎኻ</u>

“ምድሪ ምስ ወልወለ ድማ፡ ድምጺ እግዚኣብሄር ኣምላክ ኣብ ገነት ክመላለስ ሰምዑ። ኣዳምን ሰበይቱን ከኣ ካብ ገጽ እግዚኣብሄር ኣምላክ ኣብ ማእከል ኣእዋም ገነት ተሓብኡ፡ እግዚኣብሄር ኣምላክ ድማ ንኣዳም ጸዊዑ፡ ኣበይ ኣሎኻ• በሎ” (ዘፍ 3፥8-13)። ብልሙድ ናይ ቋንቋ ኣዘራርባና “ኣበይ ኣሎኻ•” ዝብል ሕቶ ናይ ቦታ ሕቶ እዩ። እግዚኣብሄር፡ ንኣዳም ኣብ ማእከል ገነት ኣብ ዘሎ ኣእዋም ተሓቢኡ ምንባሩ ኣይጠፍኦን። እሞ ብዛዕባ ኣየናይ ቦታ ደኣ እዩ ዝሓትቶ ዘሎ፡ ክንብል ግቡእ እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ነዚ ሕቶ እዚ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ብጥንቃቐን ብኣድህቦን ነዚ ሕቶ እዚ ክምልሶ ይግብኦ እዩ ዘበለና። እምበኣር፡ ቅድሚ እግዚኣብሄር ንኣዳም ምሕታቱ፡ ኣዳም ኣብ ገነት ኤደን እዩ ነይሩ። እዚ ሕቶ እዚ ክሕተት ከሎ ድማ ኣብ ገነት ኤደን እዩ ነይሩ። ስለዚ ናይቲ ኣካላዊ ቦታ ለውጢ ከም ዘየልቦ ንርኢ ኣሎና። እሞ እቲ ሕቶ ድማ ንቦታ ዝምልከት ካብ ኮነ እግዚኣብሄር ዝደልዮ ዘሎ መልሲ ደኣ እንታይ እዩ•

ነዚ ሕቶ እዚ ንምምላስ፡ እስከ ኣብ ቅዱስ ቃሉ ንመልከት። “ከመይ ኵሎም ስለ ዝሓጥኡን ካብ ክብሪ ኣምላክ ስለ ዝረሓቑን” ይብለና (ሮሜ 3፥23፡ 2.ት.መ.ቅ.)። በዚ መሰረት፡ ኣዳም ኣበይ ኣሎኻ እተባህለ ድሕሪ ትእዛዝ ኣምላክ ምፍራሱ እዩ። ስለዚ፡ ድሕሪ ሓጢኣት ምፍጻሙ ኣብቲ ቅድሚ ሓጢኣት ምፍጻሙ ዝነበሮ መንፈሳዊ ቦታ ክህሉ ኣይክእልን እዩ። ምኽንያቱ ኵሎም ሓጢኦም ክብሪ ኣምላክ ድማ ስኢኖም፡ ከም እተባህለ ሓጢኣትን ጽድቅን፡ ጸልማትን ብርሃንን፡ ተግባር ኣምላክን፡ ተግባር ሰይጣንን ዘራኽብ የብሎምን። ስለ ዝኾነ ነቲ ኣብ ክብሪ ኣምላክ ዝነብር ዝነበረ ኣዳም ብሰንኪ ዝፈጸሞ ሕጢኣት ካብቲ ክብሪ ኣምላክ ዘለዎ ቦታ ከም ዝወደቐ፡ ንክፈልጥ እግዚኣብሄር “ኣበይ ኣሎኻ•” ኢሉ ሓተቶ። ኣዳም ኣብቲ ክብሪ ኣምላክ ዘለዎ ቦታ ይነብር ምንባሩ፡ በቲ ክልቲኦም ምስ ሄዋን ጥራዮም ነበሩ፡ ግናከ ኣይሓንኩን ነበሩ፡ ዝብለና ቃል ንምርዳኡ ዘጸግም ኣይመስልን (ዘፍ 2፥25)። ድሕሪ ሓጢኣት ግና ነቲ መንፈሳዊ ቦታኦም ስለ ዝሓደጉ፡ ክሓፍሩ ከም



2.ት.መ.ቅ. = ካልኣይ ትርጉም መጽሓፍ ቅዱስ

ዝጀመሩ፣ ቆጽሊ ኣለጋጊቦም ከኣ ክክደኑ ከም ዝፈተኑን ቃል ኣምላክ ይነግረና። “ግናከ ነታ ቀዳመይቲ ፍቕርካ ስለ ዝሓደግካያ ፈሪደልካ ኣሎኩ። እምበኣርሲ ካበይ ከም ዝወደቕካ ዘክር፣ ተነሳሕ፣ ነቲ ቀዳማይ ግብርካ'ውን ግበሮ። እንተ ዘይተነሳሕካ ግና መጺአ ነቲ ቀዋሚ ቀንዴልካ ካብቲ ስፍራኡ ከልግሶ እየ” (ራእ 2፥4-5፥ 2.ት.መ.ቅ)። እግዚኣብሄር፣ ኣቐዲሙ ዘቐመጠና ቦታ ስለ ዘለዎ ኵሉ ጊዜ ኣበይ ኣሎካ ኢሉ ክሓትተና ግቡእ እዩ። “ኣምላክ ምስ ክርስቶስ ኣተንስኣና፣ ብክርስቶስ ገይሩ ከኣ ኣብ ሰማያት ምስ ክርስቶስ ኣቐመጠና” (ኤፌ 2፥6 2.ት.መ.ቅ)። እሞ ነዚ ቦታ እዚ ዓቂብናዮ'ዶ ኣሎና• እንታይ እዩ መልስና• ከምቲ ናይ ኣዳም ኣመላልሳ'ዶ ንምልስ ንከውን• ከምኡ ክንከውን ኣይግባእን። እግዚኣብሄር “ኣበይ ኣሎካ•” ክብለና ከሎ ብትክክል ኣብቲ ዘሎናሉ ቦታ ፈሊጥና ክንምልስ እዩ ዘሎና። ካብቲ ብጸጋ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብክብሪ እተቐመጥናሉ ቦታ፣ ብሓጢኣት ኢና ናብቲ ዝተሓተ ናይ ውርደት ቦታ እንወድቕ። ናብቲ ዝነበረናዮ ቦታ ክንምለስ ድማ ንስሓ እዩ ዘድልየና። ስለዚ ካብ ብምስምስ፣ ርእስና ምጥባር፣ ድካምና ብምእማን ብትብዓት ናብ ዝፋን ጸጋ ቀሪብና ምሕረት ንቀበል።

2. <u>“እንታይ ትርኢ ኣሎካ</u>•”

ካልእ እግዚኣብሄር ንሰብ ዝሓትታ ሕቶ “እንታይ ትርኢ ኣሎካ•” እትብል እያ። “ኣታ ኤርምያስ እንታይ ትርኢ ኣሎካ•” (ኤር 1፥11)። ቃል እግዚኣብሄር ከም ዝብሎ ዓይኒ፣ ናይ ብዘሎ ኣካላትና መብራህቲ እያ። ዓይንና ሕምምቲ እንተ ኮይና፣ ብዘሎ ኣካላትና ጸልማት እዩ ዝከውን። ብተመሳሳሊ መንፈሳዊ ዓይንና ክሓምም ከሎ፣ መንፈሳዊ ጕዕዞ ክንጐዓዝ ፈጺሙ ኣይከኣልን እዩ። ስለ ዝኾነ፣ እዚ “እንታይ ትርኢ ኣሎካ• ዝብል ሕቶ ንህይወት ነፍሲ ወከፍና ኣገዳሲ እዩ። ግቡእ መልሲ ድማ ክንህበሉ ይግባእ።

ሙሴ ምስ ዓበየ ወዲ ጓል ፈርኦን ከይበሃል፣ ብእምነት ኣበየ። ንጊዜኡ ብሓጢኣት ባህ ካብ ዝብሎስ ምስ ህዝቢ ኣምላክ መከራ ክጸግብ ሓረየ። ናብቲ ዓስቢ ኣማዕድዩ ስለ ዝጠመተ ካብ ሃብቲ ግብጽስ ምስ ህዝቡ ውርደት ምቕባል ከም ብዙሕ ሃብቲ ቈጸሮ። ነቲ ዘይርአ ስለ ዝርኣየ ጸንዐ፣ ንኵራ ንጉስ ከይፈርሀ ድማ ብእምነት ንግብጺ ሓደጋ። መንፈሳዊ ጕዕዞ ክትጐዓዝ፣ ኣብ ጕዕዞካ ድማ ሰንከልከል ከይትብል፣ እቲ ስጋዊ ኣዒንትካ ክርእዮ ዘይከኣለ



2.ት.መ.ቅ. = ካልኣይ ትርጕም መጽሓፍ ቅዱስ

ነገራት፣ በቲ መንፈሳዊ ኣዒንትካ ክትርእዮ ግድን ከድሊ እዩ። ብቓሉ መሰረት፣ ብእምነት ክትርእዮ እትክእል መንፈሳዊ ዓስቢ እንተ ዘይብልካ ግና መንፈሳዊ ጕዕዞካ ክትፍጽም ኣይከኣልን እዩ።

ቤተ ክርስቲያን ሎዲቅያ እንተ ረኣና፣ መንፈሳዊ ስም ጥራሕ ዝነበራ፣ መንፈሳዊ ጕዕዞ ዘቋረጸት ቤተ ክርስቲያን እያ ነይራ። ካብቲ ብዙሕ ጸገማታ ሓደ፣ መንፈሳዊ ዑረት እዩ ነይሩ። ስለዚ ከኣ ነቲ መንፈሳዊ መንነታ ክትርኢ ስለ ዘይከኣለት በቲ ብስጋዊ ዓይና እትርእዮ ስጋዊ ነገራት ተዋሒጣ ኣብ ውድቀት እትነብር ዝነበረት እያ። እዚ ህይወት እዚ፣ ኣብ ነፍሲ እቲ ዓስቢ ክርስቶስ ክርኢ ዘይክእል ሰዓቢ ዘንጸባርቕ ጸገም እዩ። ንሕና'ውን ኣዒንቲ ልቦናና። በሪሁ እቲ እተጸዋዕናሉ ጽውዓን ተስፉን እንታይ ምኳኑ ክንግንዘብ እንተ ዘይከኣልና ናብቲ ዓስቢ ዓወት ናይ ላዕሊ ጽውዓ ኣምላክ ክንጐዓዝ ኣይንክእልን ኢና። ስለዚ እቲ ክንርእዮ ዘሎና ኣብ ቃሉ ተገሊጹ ዘሎ፣ ከምቲ ዳዊት “ኣብ ሕግካ ተኣምራት ክርእስ ኣዒንተይ ክፈተለይ” ዝበሎ ደጋጊምና ክንጽሊ ይግብኣና (መዝ 119፥18)። እግዚኣብሄር ድማ እሙን እዩ። ብግቡእ ምእንቲ ክንርኢ ኣዒንትና ክከፍተልናን ንኣዒንትና ክንኲሓለሉ ጽሩይ ኵሕሊ ክህበናን እዩ (ራእ 3፥18)።

3. <u>ኣብዚ እንታይ ትገብር ኣሎካ•</u>

እታ ሳልሳይቲ እግዚኣብሄር ንሰብ ዝሓትቶ ሕቶ “ኣብዚ እንታይ ትገብር ኣሎካ” ዝብል እዩ። እዛ ሳልሰይቲ ሕቶ እዚኣ ኣምላክ ንነብዩ ኤልያስ ዘቕረበሉ ሕቶ እያ (1ነገ 19፥13)። ንተግባራትናን ዕዮናን እትፍትሽ ሕቶ ድማ እያ። ኤልያስ ብጸጋ ኣምላክ ብዙሕ መንፈሳዊ ዕዮ ዝዓየየ ኣገልጋሊ ኣምላክ እዩ ነይሩ። እንተ ኾነ፣ ሓደ መዓልቲ፣ ኢዛቤል ክቕትለካ እየ ምስ በለቶ፣ ንኵሉ ዕዮ ኣምላክ ገዲፉ፣ ካብ ኢዛቤል እትቕትለኒ ባዕልካ ውሰደኒ ብምባል ንኣምላክ ከም እተማሕጸነ ንፈልጥ። እግዚኣብሄር ንኵሉ ንምዱብ ጊዜ እዩ ፈጢሩዎ። ነፍሲ ወከፍና ድማ ምዱብ ጊዜ ኣሎና። እቲ ብኣምላክ እተዋህበና ጊዜ ድማ፣ ንኣምላክ ምእንቲ ከነገልግል እዩ። ኣገልግሎት ኣምላክ ከምቲ ህያቡን ጻውዒቱን፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍና እተፈላለየ እዩ። ንሕና ግና ብጸቢብ ኣእምሮ ስለ እንሓስቦ ኣገልግሎት ኣምላክ ኣብ ምምሃር፣ ምጽላይ፣ ምዝማርን ኣብ ከምኡ ዝመሰለ ውሑድ ንጥፈታትን ጥራሕ ኢና እንድርቶ። ዕዮ ኣምላክ ክንብል ከሎና ግና ኵሉ እቲ ኣምላክ ዝፈትዎን ብጽድቂ ዝግበር



2.ት.መ.ቅ. = ካልኣይ ትርጕም መጽሓፍ ቅዱስ

ዘበለ ኵሉን እዩ። ሰራሕተ ፡ ተመሃራይ፡ ሓላፊ፡ ተራ ወዘተ በቲ እግዚኣብሄር ንምዱብ ጊዜ ዘሕልፈካ ምእንቲ ከተገልግሎ እዩ። ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ኵሉ ኣገልግሎትና ብጽድቅን ቅድስናን ብምንባር ክብሪ ኣምላክ ክነዘንቱ ኢና ብህይወት ዘሎና። ኣገልግሎት ከምዚ ካብ ኮነ እንታይ ንገብር ኣሎና• እግዚኣብሄር ናብ ዓለም ኪዱ ክብል ከሎ፡ ኣብ ዓለም ጨው፡ ብርሃንን መኣዛ ክርስቶስን ኴንና ምእንቲ ክንመላለስ እዩ። ብርሃን፡ ብርሃን ዝበሃል ንጸልማት ምስ ዝስዕር እዩ። ጨው፡ ጨው ዝበሃል ነቲ መቐረት ዘይነበሮ ምስ ዘመቅሮ እዩ። መኣዛ፡ መኣዛ ዝበሃል'ውን ነቲ ኣብቲ ጥዑም ሽታ ዘይብሉ ጥዑም ሽታኡ ምስ ዝዕውድ እዩ። እሞ ህይወትካ በዚ እተባህለ ምስ እትግምግም እንታይ ትገብር ኣሎካ•

4. <u>ሓውካ ኣበይ ኣሎ•</u>

እታ ናይ መወዳእታ እንርእያ፡ ኣምላክ ንሰብ ዝሓትታ ሕቶ "ሓውካ ኣበይ ኣሎ•" እትብል እያ (ዘፍ 4፥9)። "ፈታዊ ንኵሉ ጊዜ የፍቅር፡ ሓው ድማ ንጸገማ ይውለድ" ክም እተባህለ ነፍሲ ወከፍን ንሓድሕድና ኣዚና ኣገደስቲ ኢና (ምሳሌ 17፥17)። ነዚ ኣገዳስነትና ዘንጊዕና ምስ እንመላለስ፡ እዚ ሕቶ እዚ ኣዝዩ ኣገዳሲ መንቅሒ ኮይኑ ንረክቦ።

"ሃለዋት ኣባጊዕካ ኣጸቢቕካ ፍለጥ፡ ንመጓሴካ'ውን ተጥንቀቐልን" ከም እተባህለ፡ ሃለዋት ሓድሕድና ክንፈልጥ ናይ ነፍሲ ወከፍና ግደ እዩ (ምሳ 27፥23)። ሃለዋት ኣሕዋትካ ምፍላጥ ንኣምላክ ዘሎና ፍቕሪ ዝገልጽ ምኳኑ ኣብ ጐይታና ኢየሱስ ንሃዋርያ ጴጥሮስ ተፍቅረኒ'ዶ ኢካ• ኢሉ ምስ ሓተቶ ዝሃቦ ሓላፍነት ብግልጺ ኣብ ቃሉ ተጻሒፉ ንረክቦ። "ኣባጊዐይ ኣብልዕ"፡ "ዕ ያውተይ ሓሉ" ብምባል ኣዚዙዎ ኣሎ (ዮሃ 21፥15-17)። ብዘይካ እዚ ኣብቲ መወዳእታ ፍርዲ ጐይታ ተገሊጹ ከም ዘሎ፡ ነቶም መንግስቲ ኣምላክ ክወርሱ ዝበቕዑ፡ እቲ ንሓደ ካብዚኣቶም ዝገበርክምዎ፡ ንኣይ ከም ዝገበርክምዎ እዩ፡ ክብሎም ከሎ። ነቶም ንገሃነም እተፈርዱ ድማ፡ እቲ ንሓደ ካብ እዚኣቶም ዘይገበርክምዎ፡ ንዓይ ከም ዘይገበርኩምለይ እዩ፡ ክብሎም ከሎ ኢና እንርኢ (ማቴ 25፥31-46)። ብኣጠቓላሊ ሃለዋት ሓድሕድና ምፍላጥ ይጽንሓለይ ዘይበሃል ኣገልግሎት ምኳኑ ክንግንዘብ ይግብኣና።



እዘን ኣርባዕተ እግዚኣብሄር ንሰብ ዝሓትተን ሕቶታት ኣብ እተዋህበን ምልሲ እንተ ተመልከትና፡ ኣዳም "ነቲ ኣበይ ኣሎካ•" ዝብል ሕቶ ብትኽክል ክምልሶ ኣይከኣለን፡ እኳ ደኣ ካብ ውድቀቶም ክሃድሙ ንኣምላክ ዘየእምንን ንገዛእ ርእሶም ዝጥብርን ምክንያት እዮም ኣቕሪቦም። "እግዚኣብሄር ኣምላክ ድማ ንኣዳም ጸዊዑ፡ ኣበይ ኣሎካ• በሎ። ንሱ ከኣ ድምጽካ ኣብ ገነት ሰማዕኩ ጥራየይ ድማ እየ እሞ ፈሪሀ ተሓባእኩ ኢሉ መለሰሉ። ንሱ ድማ ጥራይካ ምኳንካ ደኣ መን ነገረካ ካብታ ካብኣ ኣይትብላዕ ኢለ ዝኣዘዝኩኻ ኦም'ዶ በሊዕካ ኢኻ• ኢሉ ሓተቶ። ኣዳም ከኣ እዛ ምሳይ ክትከውን ዝሃብካኒ ሰበይቲ ካብታ ኦም ፍረ ሃበትኒ እሞ በላዕኩ፡ ኢሉ መለሰ። እግዚኣብሄር ኣምላክ ድማ ነታ ሰበይቲ ስለ ምንታይ እዚ ገበርኪ• ኢሉ ሓተታ። እታ ሰበይቲ ከኣ ተመን ኣስሒቱኒ በላዕኩ ኢላ መለሰት" (ዘፍ 3፥9-14)።

ካብዚ መልሲ ከም እንርእዮ ኣዳም እቲ ጌጋ ናይታ ንስካ ዝሃብካኒ ሄዋን እዩ ክብል ከሎ፡ ሄዋን ድማ ናይቲ ንስካ ዝፈጠርካዮ ተመን እዩ ብምባል ውድቀቶምን ሓጢኣቶምን ኣይተቐበሉን። ሰብ ክፉእን ጽቡቕን ዝፈሊ፡ ነቲ ዝደልዮ ክገብር ናጻ ምርጫ ዘለዎን ንሓጢኣቱ ዝሕተተሉ ድማ ንሱ ባዕሉ እዩ። ካብቲ እንፍጽሞ በደል ናጻ እንወጸሉ መገዲ ብልቢ ብምእማን ኣብ ቅድሚ ኣምላክ ብምንሳሕ ጥራሕ እዩ። "እምበኣርሲ ካበይ ከም ዝወደቕካ ዘክር። ነቲ ቀዳማይ ግብርኻ'ውን ግበሮ (ራእ 2፥5)"።

ነብዩ ኤርምያስ ነታ "እንታይ ትርኢ ኣሎካ•" እትብል ኣምላክ ዝሓተቶ ሕቶ ብትኽክል ዝመለሰ ሰብ ነብረ። ነቲ ኣምላክ ዝረኣዮ ስለ ዝረኣየ ድማ "እግዚኣብሄር ጽቡቕ ርኤኻ፡ ኣነ ከኣ ንቓለይ ክትግሃሉን ከም ዝፍጸም ክገብሮን እየ፡ በለኒ" (ኤር 1፥12)። ከምቲ ሃዋርያ ጳውሎስ፡ ተስፋ ኣምላክ እወ፡ እወ እምበር ኣይኮነን ኣይነበረን፡ ዝበሎ፡ እቲ እተዋህበና ቃል ተስፋ ድማ ዝፍጸም፡ እሙን ቃል እዩ። ስለ ዝኾነ ናብቲ ዝሰማዕናዮ ኣዚና ክነቕልብ ይግብኣና። ምጥማትና ድማ ኣብኡ ክጸንዕ ኣለዎ። ምክንያቱ ነቲ ዝረአናዮ ቃል ተስፋ እግዚኣብሄር ክትግሃሉ፡ ከም ዝፍጸም ድማ ክገብሮ እዩ። "እቲ ዝርአ ሓላፊ እዩ፡ እቲ ዘይረአ ግና ንዘለኣለም እዩ፡ ንሕና ከኣ ኣብቲ ዝርአ ዘይኮነስ ኣብቲ ዘይረአ ኢና እንጥምት ዘሎና" (2ቈረ 4፥18)።

ነብዩ ኤልያስ ነታ "እንታይ ትገብር ኣሎካ•" እትብል ሕቶ ብግቡእ ኣይመለሳን። ኣብቲ ከረን ቀርሜሎስ እንታይ ክትገብር ጸኒሕካ እንተ ዝከውን እቲ ሕቶ ብቐሊሉ ምምለሶ ይከውን። ከምቲ መብዛሕትና እንገብሮ ብዛዕባ ዝሓለፈ መዓልታት ክንዛረብ ቀሊል እዩ። ጐይታ ግና ከጥዕየና ስለ ዝደሊ ኣብቲ ካብ ኣገልግሎት ዝበኮርናሉ እዋን እዩ፡ "እንታይ ትገብር ኣሎካ•" ብምባል ዝሓትተና። ነብዩ ኤልያስ "... እግዚኣብሄር ኣምላክ ሰራዊት ብምሉእ ልበይ ኣገልጊለ ኣሎኹ። ደቂ እስራኤል ግና ኪዳንካ ሓዲጎም ንመሰውኢታትካ ኣፍሪሶም፡ ንነብያትካ'ውን ብሴፍ ቀቲሎምዎም እዮም። ኣነ ከኣ በይነይ እየ ተሪፈ ዘሎኹ ሕጂ ድማ ክቐትሉኒ ይደልዩ ኣለዉ በሎ" (1ነገ 19፡13-18)። እምበኣር ናይ ትማሊ ሓዲግና ሕጂ ኣብዚ ዘሎናዮ ቦታ (ሓረስታይ፡ ሸቃላይ፡ ወተሃደር (ዓቀይታይ)፡ ነጋዳይ፡ ተመሃራይ፡ ግዙእ፡ እሱር፡ ወዘተ) እንታይ ንገብር ኣሎና።

እታ "ሓውካ ኣበይ ኣሎ•" እትብል ንቃየል ዝቐረበትሉ ሕቶ'ውን ግቡእ መልሲ ኣይረከበትን። "ቃየል ድማ፡ ኣነ'ዶ ሓላው ሓወይ እየ• ኢሉ መለሰ" (ዘፍ 4፡9)። ቃየል ኣነ ሓላው ሓወይ ኣይኮንኩን እኳ እንተ በለ፡ ከምቲ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ፡ ሓዉ ክሕሉን ክከናኽንን ሓላፍነት ኣለዎ። እቲ ጐይታና ንሃዋርያ ጴጥሮስ "ኣባጊዐይ ሓሉ፡ ኣባጊዐይ ሓሉ" ብምባል እተላበዎ ለበዋ ኣይምልከተናን ክንብል ኣይከኣልን እዩ። ምኽንያቱ ሃዋርያት ነቲ ለበዋ ናባና ኣመሓላሊፎምዎ እዮም። ብተወሳኺ ጐይታ ንሃዋርያት ክዛረቦም ከሎ፡ ንዓና'ውን ከም ዝምልከተና፡ "እዚ ንኣካትኩም ዝብለኩም ዘሎኹ፡ ንኹሉ እብሎ ኣሎኹ" ብምባል ኣመልኪቱና ኣሎ (ማር 13፡37)።

ኣብ መወድእታ፡ እዘን ሕቶታት እዚኣን ክሳዕ ክንደይ ኣገደስቲ ምዃነን ተገንዚብና እንተ ኼንና፡ መዓልታዊ ነዘን ሕቶታት ዝበቅዕ ግብረ መልሲ ክህልወና ይግባእ። እግዚኣብሄር ብመጀመርታ ዘገድሶ ነገር እንተ ኣልዩ፡ ህይወትና እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ እዩ "ኣበይ ኣሎካ• ኣበይ ኣሎኪ•" እናበለ ዝሓትተና። ቀጺሉ ኣብ ጕዕዞ ህይወትና ብቓሉ መሰረት ብዓይንና እንርእዮ ነገር ወሳኒ ተራ ኣለዎ። "እንታይ ትርኢ ኣሎካ• እንታይ ትርእዩ ኣሎኺ•" ድማ ይብለና። ድሕሪ እዚ ዘገድሶ ድማ፡ ዕዮናን ተግባርናን እዩ። ኣብዚ ድማ "እንታይ ትገብር ኣሎካ• እንታይ ትገብሪ ኣሎኺ•" እቲ



2.ት.መ.ቅ. = ካልኣይ ትርጕም መጽሓፍ ቅዱስ

ብራብዓይ ደረጃ ኣምላክ ዝግደሰሉ ጉዳይ ድማ ሃለዋት ኣሕዋትካ እዩ። "ሓውካ ኣበይ ኣሎ• ሓብትካ ኣበይ ኣላ• ሓውኺ ኣበይ ኣሎ• ሓብትኺ ኣበይ ኣላ•" ብምባል ድማ ይሓትተና እዩ። እዘን ሕቶታት፡ ዋላ እኳ ኣብዚ ቅደም ተኸተል ከነትሕዘን እንተ ፈተንና፡ ከከም ኣድላይነተን ግዜአን ሓልየን ኣብ መዓልታዊ ምንስቓሳትና፡ መልሲ ዝደልያ ኣምላኽ ዝሓትተና ሕቶታት እየን። ካብ ምስምስን ናይ ዝሓለፈ ዛንታኻ ምውራይን ዓሻ ድርቅናን ወጺእና፡ ብድካምና እናተኣመንናን እናተነሳሕናን፡ ካብ ውድቀትና እናተንሳእናን፡ መገድና ምቕጻል መተካእታ ዘይብሉ፡ ናብ ዘለኣለማዊ ህይወት ዘብጽሕ እንኮ ምርጸጫና ይኹን። ከምኡ ክንገብር ኣምላኽ ብጸጋኡ ይደግፈና።



2.ት.መ.ቅ. = ካልኣይ ትርጕም መጽሓፍ ቅዱስ